SÖDERKÖPING.SE

**ሐበሬታ**
ንኹሉኹም ህጻናት ዘለውኹም ኣብ ሶዶርሾፒንግ ቤት ትምህርትን መዉዓሊ ሕጻናትን በዓል መዚ ምኒስትሪ ጥዕና ለብዒ ሕማም ምትሕልላፍ ኮሮናቫይረስ ኣብ ሽወደን ከስፋሕፍሕ ቡዙሕ ተኽእሎ ኣሎ ክብል ገሊጹ:: ምምሕዳር ሶደርሾፒንግ ካብ ተሐታቲ በዓል ስልጣን ምኽሪ እዮ ተበጊሱ ። ዕላምኡ ኸኣ እቲ ምምሕዳር ንጥፈታት ስራሕ ብዝተኻእለ መጠን ኣቀዲምካ ምድላዉን ጽልዋ ምምጻእን እዮ። ኣብ ከምዚ ዝበለ እዋናዊ ኩነታት ኩሉ ንጥፈታት ስራሕ ድልዉ ኮይኑ ክጸንሕ ኣለዎ።

**እንተድአሐሚምካ ኣብ ገዛ ጽናሕ**
ቆልዑትን ተመሃሮን እንተድኣሐሚሞም ካብ ቤት ትምርህቲ ወይ መዉዓሊ ሕጻናት ምኻድ ኣብ ገዛ ክኾኑ ኣገዳሲ እዩ። ባዕልኻ ወይ ደቅኻ እንተድአሐሚምኩም እሞ ምልክት ከም እኒ ምንፋጥ:ምስዓል ወይ ረስኒ እንተሃሊኩም ምስ ካልኦት ሰባት ካብ ምርኻብ ተቆጠቡ:: እዚ ዋላ ንእሽተይ ወይ ቅልል ዝበለ ሕማም እንተተሰሚዕካ ዘጠቃልል እዮ ። እዚ ንኻልኦት ከይተመሐላልፍሎም ኣገዳሲ እዩ። ቆልዑትኩም እንተድአሐሚሞም ኣብ ገዛ ሐዝዎም። እዚ ንዝኾነ ይኹን ዓይነት ሕማም ዘጠቃልል እዩ::

**እንተድአ ውላድካ ብክሮናቫይረስ ተጠቂዑ ኣሎ ዝብል ጥርጣረ ጌርካ ምስ ሕክምናዊ ሐበሬታ 1177 ብቴሌፎን ተራኸብ።** እቲ ምልክታት ናይዚ ሕማም ክአ ጸገማት ምስትንፋስ ረስኒ ወይ ምስዓል እዩ። እንተድአ ሕቶታት ብዛዕባ ክሮናቫይረስ ጥራሕ ኣለካ ናብ 113 13 ሃገራዊ ናይ ሐበሬታ ቁጽሪ ደውል::

**ብኸምዚ ኣገባብ ነዚ ለብዒ ሕማም ምትሕልላፍ ክትቆጻጸሮ ትኽእል**

- ኣእዳውካ ብጥንቃቄ ብተደጋጋሚ ብማይን ሳሙናን ተሐጸብ
- እንተድአ ሐሚምኩም ካብ ገዛ ኣይትውጹ
- ክትስዕል ወይ ሕንጥሽዉ ክትብል ከለኻ ኢድካ ዓጺፍካ ኣብ ናይ ቅድሚት ኩርናዕ ኢድካ ብምምጻእ ካብ ምባል ኣይትዘንግዕ
- ፊጥ ክትብል ኣብ ዝደለኻሉ ግዜ ሶፍቲ ንሐንቲ ግዜ ተጠቂምካ ጎሐፉ
- ብዝተኻእለ መጠን ፍሉጥ ዝኾነ ርሕቀት ምስ ካልኦት ይሃልኻ ከምኡዉን ኢድ ንኢድ ምጭብባጥ ኣቋርጽ

https://www.soderkoping.se/kommun-politik/raddning_sakerhet/krissituation-och-beredskap/coronavirus/